## ቆልዑ ኣብ ናይ ትርፊ ግዜ ንጥፈታት ንኽሳተፉ ገንዘባዊ ደገፍ መደባት

ቀንዲ ዕላማ ናይዚ፣ ንኹሎም ኣብ ከተማ ፖሽግሩን ዚነብሩ ቈልዑን መንእሰያትን ኣብ ሰሙናውን ስሩዕን ንጥፈታት ንኺሳተፉ ገንዘባዊ ደገፍ ኣበርክቶ ንምግባር እዩ። እቲ ናይ ንጥፈታት ዝኸውን ገንዘባዊ ደገፍ ክሳብ ዝውዳእ፣ መመልከቲ ወረቐት ብቐጻሊ እዩ ዚስራሓሉ ።

### መን ከመልክት ይኽእል፧

እቲ ዕላማ ዝገበረ ጉጅለ ብሰንኪ እቲ ኣብ ስድራቤት ዘሎ ኣጸጋሚ ቍጠባዊ ኹነታት ነቲ ንጥፈታት ንምኽፋል ገንዘባዊ ሓገዝ ዘድልዮም ካብ 4-20 ዓመት ዝዕድሚኦም ቈልዑን መንእሰያትን ኢዮም። ወለዲ ንንኣሽቱ ደቆም የምልከቱ፣ ዕድሚኦም 16 ዓመት ዝበጽሑ መንእሰያት ግን ባዕሎም ከመልክቱ ይኽእሉ። ብዙሓት ቆልዑ ዝኸውን መመልከቲ ዘድሊ ምስ ዝኸውን፣ ንነፍሲ ወከፍ ቆልዓ መመልከቲ መሊእካ ክትሓትት ኣለካ።

## ገንዘባዊ ደገፍ ንምርካብ፣ እንታይ ዓይነት ንጥፈታት ከመልክት ይኽእል፧

እዚ ኣብ ናይ ትርፊ ግዜ ንጥፈታት ንኽሳተፉ ገንዘባዊ ደገፍ መደባት፣ ነቶም ኣብ ቀዋሚ ናይ ትርፊ ግዜ ንጥፈታት ተሳትፎ ንምሽፋን ደገፍ ይህብ፣ ንኣብነት ክፍሊት ኣባልነት፣ ክፍሊት ተሳታፊ፣ ክፍሊት ምንቅስቃስ ኣካላት፣ ክፍሊት ስልጠና ኮርስ ወዘተ፣ ምስቲ ናይ ትርፊ ግዜ ንጥፈታት ብዝተኣሳሰር ኣብ መዓስከራት፣ ዋዕላታት፣ ዋንጫታት፣ ሰሚናራት፣ መገሻታት፣ ውድድራትን ካልእ ከምኡ ዝኣመሰለን ንምስታፍ ደገፍ ምሕታት እውን ይከኣል እዩ። (ንመሳርሒታት ዝኾነ ደገፍ ኣይወሃብን እዩ።)

እቲ ህጻን/መንእሰይ ኣብ ዓመት ክሳብ 4000 ክሮነር ዚወጽእ ወጻኢታት ኪኽፈሎ ማለት ሓገዝ ክወሃብ ይኽእል እዩ።

እዚ ንነፍሲ ወከፍ ሰብ ዝምልከት እዩ። እቲ ንጥፈታት ኣብ ናይ ብሕቲ፣ መንግስታውን ወለንታውን ትካላት/ወሃብቲ ንጥፈታት ክኸውን ይኽእል።

### ከመይ ጌርካ ተምልከት ወይ ተሓትት፧

ነዚ ኤልክትሮኒካዊ መመልከቲ ቅጥዒ ምልእዎ: søknadsskjema.

**ንምምልካት ሓገዝ እንተደሊኹም: -**

ነቲ ቅጥዒ ብዲጂታል ንምምላእ ሓገዝ ንምርካብ ኣብ ቤት ጽሕፈት ኣገልግሎት ወይ ቤተ-መጻሕፍቲ Digihjelp ተጠቐሙ።

## ኣገዳሲ ሓበሬታ

ኣብቲ መመልከቲ ክትእቱ ከለኻ፣ ክንከፍለልካ እትደልዮ ናይ ክፍሊት ፋክቱር ምስኡ ብሓንሳብ ገርካ ስደዶ፣ ኣይትረስዕ። እቲ ምምሕዳር ነዚ ክኸፍለልካ እዩ። ዝኸፈልካዮ ፋክቱር እንተድኣ ኾይኑ ግና ኣይንመልሰልካን ኢና፣ እዚ ማለት ባዕልኻ ከፊልካዮ ኣለኻ።

እቲ መመልከቲ ኣብ ወርሓዊ ገንዘብ እትኸፍለሉ ማእከል ምንቅስቃስ ኣካላት ይምልከት ድዩ፧ ምስ ማእከል ስልጠና ምንቅስቃስ ኣካላት ርክብ ብምግባር ብዛዕባ ተኽእሎ ናይ ብዙሕ ቁጽሪ ኣዋርሕ ስልጠና ፋክቱር ዝኽፈል ገንዘብ ሕተቶም። እታ ጋንታ/ማሕበር እቲ ክፍሊት ካብ ምምሕዳር ከተማ ፖሽግሩን ከም ዝመጽእ ክትዕዘብ ከም እትኽእል ኣስተውዕሉ።

## ብዛዕባ እቲ ውጥን ወይ መድብ ሕቶታት ኣለኩም ዶ፧

ካልእ ሕቶታት ምስ ዝህልወኩም ናብዚ ኣብ ታሕቲ ዘሎ ሓበሬታ ክትሰዱ ትኽእሉ፤

ኢ.-መይል kontingentkassa@porsgrunn.kommune.no

ክፍሊ ንጥፈታት- -ኲሉ ዚሓቍፍ ባህልን ንጥፈታትን

እዚ መደብ እዚ ብክለብ ፖሽግሩን ኪዋኒስ: ማሕበር ህጻናት ቡፊዲር ዝድገፍን ዝተዳለወን እዩ።